# ዑቑባ ዝሓተቱ ኣባላት ሕርይቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ
# ምስ ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ ቃለ መሓትት ኣካይዶም

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
## 30.03.2007

6 ኣባላት ሕርይቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ብሰኑይ 26.03.2007 ኣብ ኣንጎላ ዑቑባ ከምዝሓተቱ ዓዋተ.ኮም ጸብጺቡ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ንሳቶም ከኣ፡ ዘሚካኤል ኣስመላሽ፡ ምስግና ብስራት፡ ዮናስ ንጉሰ፡ ዮሴፍ ሚኪኤል፡ ኣማኑኤል ነጋስን ተመስገን ተስፋይን ኢዮም። ሕቡራት ሃገራት ውን፡ ብኡ ንብኡ እዚ ወረ'ዚ ሓቂ ምዃኑ ኣረጋጊጹ ነይሩ።

ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ፡ ናይ ትግርኛ ፕሮግራም፡ ምስ ኣማኑኤል ነጋስን ተመስገን ተስፋይን ብዕለት 29.03.2007 ቃለ መሓትት ኣካይዱ። ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ፡ ቅድሚ ሕጂ ንደገ እናወጻእኩም ትጻወቱ ኔርኩም ኢኹም፤ ስለምንታይ ደኣ ሎሚ ዑቑባ ክትሓቱ መሪጽኩም ክብል ንዘቕረበሎም ሕቶ ክምልሱ እንከለዉ፤ እቲ ኵነታት ይመሓየሽ ይኸውን ዝብል ተስፋን ትጽቢትን ከምዝነበሮምን፡ ብተግባር ግን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍአ ምኻዱ ገሊጾም። እቲ ዑቑባ ናይ ምሕታት ሓሳብ ኣብ ኣንጎላ ምስ በጻሕኩም ድዩ መጺኡኩም ወይስ ቅድም ክትብሉ መዲብኩምዎ ጸኒሕኩም ንዝብል ሕቶ ድማ፡ ቅድም ክብሉ ካብ ኣስመራ ከይተበገሱ መዲቦምዎ ከምዝመጹ ሓቢሮም። ብዘይካ ሽዱሽተኦም ካልእ ብዛዕባ ዑቑባ ናይ ምሕታት መደቦም ዝፈልጥ ኣካል ከምዘይነበረ ውን ገሊጾም።

ኣስዒቦም፡ በቲ ዝጠለብዎ ናይ ዑቑባ ሕቶ፡ ኤርትራውያን ኣብ ሃገሮም ክሳዕ ክንደይ ይሳቐዩን ይጭቆኑን ከምዘለዉ ንዓለም ንምርኣይ ዝዓለመ ምዃኑ ኣብሪሆም። “ንሕና፡ ዑቑባ ንሓተሉ ሃገር ከነማርጽ ኣይደለናን፤ ዝኾነ ይኹን ብሰላም ክንነብረሉ እንኽእል ሃገር ጥራሕ ኢና ንደሊ። ካብ ኣንጎላ ናብ ካልእ ዝሓሸ መነባብሮ ዘለዎ ሃገር ናይ ምስጋር ዕላማ ውን የብልናን ኢሎም።

ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ነፍስወከፎም ከም'ቲ ኵሉ ንወጻኢ ዝንቀሳቐስ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ 100,000 ናቕፋ ትሕጃ ከፊሎም ከምዝወጹ ኣጋሊጾም።

እዞም ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ እዚኣቶም ብምሉኣቶም ቀወምትን ምሩጻትን ተጻወቲ ምንባሮም፤ ብደረጃ ተጠባበቕቲ ዝፍለጡ ተጻወቲ ኣብ መንጎኦም ከምዘየለዉን ተፈሊጡ ኣሎ። እታ ጋንታ ናብ ኣንጎላ ዝኸደትሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ'ቲ ኣብ 2008 ዓ.ም ዝካየድ ናይ ኣፍሪቃ ዋንጫ ውድድር ናይ ዝሳተፉ ጋንታታት፡ ናይ ምጽራይ ግጥምያ ንምክያድ ኢዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግጥምያ'ዚ ኣንጎላ 6-1 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ከምእተዓወተት ይፍለጥ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ 4 ኣባላት “ክፍሊ ባህሊ ሓላው ወሰን”፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዑቑባ ምሕታቶም ዝዝከር ኢዩ።